Immigration and Refugee Board of Canada
Commission de l'immigration et du statut de réfugié du Canada
**Refugee Protection Division**
**Section de la protection des réfugiés**

# መመላእታ ሀ፡ ስጉምትታት ጥዕናን ድሕንነትን ምስ ኮቪድ-19

ቦርድ ኢሚግሬሽንን ስደተኛታትን ካናዳ (አይአርቢ) ንተሳተፍቲ ክፍሊ ምስማዕ፡ ሰራሕተኛታት፡ ከምኡ'ውን በጻሕቲ ንምክልኻል፡ ምስ ኮቪድ-19 ዝተኣሳሰሩ ዝተወሰኑ ኣገደስቲ ስጉምትታት ጥዕናን ድሕነትን ክዕቀቡ ምግባር ይቕጽል ኣሎ።

በጃኹም ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ክትፈልጥዎ ዘለኩም ገደባት፤

**ሓተቲ ዑቕባ ፡** ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ሓተትቲ ዑቕባ ኣብ ቅድሚ ክፍሊ ሓለዋ ስደተኛታት ( አርፒዲ ) ክቐርቡ ኣይግደዱን፣ ክሳብ ክፍሊ ሓለዋ አርፒዲ ስደተኛታት ባዕሉ ዘገደዶም፣ ወይ ባዕሎም ወይ ወከልቶም ክሳተፉ እንተዘይደልዮም። አርፒዲ ክፍሊ ሓለዋ ስደተኛታት ውጥናት ኣብ ዝገብርሉ እዋን ሕጊ ኣካላዊ ርሕቐት ከም ዝኽበር የረጋግጽ። ስለዚ ቁጽሪ ተሳተፍቲ ውሱን እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ፡ ቅድሚ እቲ ቆጸራ ዝግበረሉ ዕለት 10 መዓልታት ትሕቲ ዕድመ 18 ዓመት ቆልዑ ከም እተምጽኡ ንክፍሊ ሓለዋ አርፒዲ  ስደተኛታት ብጽሑፍ(ሓበሬታ ርክብ ኣብቲ ምልክታ ንኽቐርብ ይርከብ) ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

**ተዓዘብቲ ፡** ሓደ ተዓዛቢ ምሳካ ዝመድእ እንተኾይኑ (ንኣብነት ንስምዒታዊ ደገፍ) እንተወሓደ ቅድሚ 10 መዓልታት ቆጸራ ዕለት ን አርፒዲ  ብጽሑፍ ሓብሮም(ንምርኻብ ሓበሬታ ኣብቲ ናይ ምቕራብ ምልክታ ይርከብ)።

**መሰኻክር ፡** ጉዳይካ ዝስምዓሉ መዓልቲ፡ መሰኻኽር ክትጽውዕ/ዒ ይከኣል ኢዩ። ግን ከምቲ ሕግታት ናይ አርፒዲ እቲ ክፍሊ ዝእዝዞ፡ ንክፍሊ ሓለዋ ስደተኛታት፡ዓሰርተ መዓልቲ ኣቀዲምካ ብጽሑፍ፡ ንአርፒዲ ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም።  እቶም መሰኻኽር ክንደይ ምኻኖምን ኣስማቶምን፡ ምኽንያት ኣድላይነት ምስክራት፡ ንክምስክሩ ክንደይ ግዜ ከምዘድሊ፡ ምስቲ ምስክር ርክብካ/ኪ እንታይ ምኻኑ፡ ከምኡ ከኣ ኣስተርጓሚ ንመሰኻኽር የድሊ እንተኮይኑ ኪግለጽ ኣለዎ። ከምኡ'ውን እቲ ምስክር (ወይ ምስክራት) ብስልኪ ድዩ ወይስ ኣብ ቤት-ፍርዲ ብኣካል ብምምጻእ ከምዝሳተፍ፡ ዓሰርተ መዓልቲ ኣቀዲምካ ኪፍለጥ ኣለዎ። እዚ ናይ ጥዕናን ድሕነትን ሕግታት ኣብ ቦትኡ ክሳብ ዘሎ፡ እቲ ምስክር እንተተኻኢሉ፡ብስልኪ እንተተሳተፈ ይምረጽ።

ምልክታኻ ምስ በጽሓካ ካብ ናይአይአርቢናይ ጥዕናን ድሕነትን ስጉምትታት ምኽሪ ክትረክብ አለካ።